# ንብዓተይ

ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝወርድ ስቓይን ሕሰምን፣ ኣብ ልዕለይን ወገነይ ዝወርድ ግፍዒ ክነብዕን ከንብዓንን ሰብኣዊ'ዩ። ንብዓት ምስ ተባዕን ፈራሕን ሰብ ዘወዳድር ተርእዮ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ምስ ሰብኣዊን ዘይሰባኣዊ ጨካን ሕልና ዘሎ ፍልልይ'ዩ።

- ኣባሓጎይ ዘዘንትወለይ ዝነብሩ ማእሰርቲ ናኹራ፣ ወዲ 18 ዓመት ምስ ኮንኩ ድሕሪ ነጻነት፣ ተኣሲረሉ፣
- ኣብ ነጻ ኤርትራ፣ ኣብ ማእሰርቲ ቀልቓለይ ተነጺፈ ሓዲረ፣
- ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳህላክ፣ ትምኒተይ ንሞት'ምበር ንምንባር ኣይነበረን፣
- ኣብ ቤት ማእሰርቲ ደሴት ዳህላክ ደቂ 13,14 ዓመት ህጻናት ርአ ነብሰይ ቀቢጾ፣
- ኣብ ቤት ማእሰርቲ ደሴት ዳህላክ ኣቦ ሓጎይ ዝኾኑ ሽማግለ ርአ ነብሰይ ቀቢጾ፣
- ኤርትራዊ ብጥይት ንሓዉ ክቐትል ርአ፣
- ሞት ሮቤል ጎንጨ፣ ሞት ኩሉ እሱር መንእሰይ'ዩ ፣

ቅድሚ ቅሩብ ኣዋርሕ ኣብ መንግስታዊ ፈነወ ቲቪ ሸውደን ዝተዘርግሐ፣ ድሒሩ ከኣ ኣብ'ቲ ውሩይ ኤርትራዊ መርበብ ኣስማሪና.ኮም፣ ጸኒሑ ድማ ኣብ'ቲ ብዕለት 2 ታሕሳስ 2008 ንሙሉእ ዓለም፣ ንኤርትራዊ ዜጋ ንምሕባር ዝተመሓላለፈ መደብ ፈነወ ቲቪ ዘተ ብጉዳይ መንእሰያት፣ ጉዳይ ኤትራዊ ሰብኣዊ ሓርነት፣ ጉዳይ ኤርትራዊ ፍትሒ፣ ጉዳይ ኤርትራዊ መጻኢ ወለዶ፣ ጉዳይ ኤርትራዊ መጻኢ ወራሲ ታሪኽ ዘጋጠመ ሓደጋ ኣብ ዝተመሓላለፈ መደብ ተኸታቲለ፣ ነቢዔ( በኺየ) ከኣ። ንብዓተይ ግን ንሰብኣውነተይ፣ ንምፍጣረይ፣ ንትብዓተይ፣ ንቅሩብነተይ ቀጻልነት ፍትሓዊ ዝምልከት ኣይነበረን፣ እንታይ ደኣ ንሕልናይ፣ ነቲ ንሰብኣዊ ሕልና ዝትንከፍ'ዩ ጥራሕ ነይሩ።

ደቂ ሰባት ንስሕቀሉ፣ ንሕጎሰሉ፣ ንሓዝነሉን ንነብዓሉ ተርኽቦ ግዜ ኣሎ፣ ይትረፍ ኣብ ግዜ ተረኽቦ ሓዘን፣ ኣብ ግዜ ሓጎስን ተድላን ንበኽየሉን ንነብዓሉ እዋን ኣሎ። እቲ ንብዓት ግን፣ እቲ ብኽያት ግን ኣዝዩ ዝፈላልዮ ናይ ገዛእ ርእሱ ምኽንያታት ኣለዎ። ብተሓጒስካ ትበኽዮን፣ ሓዚንካ እትንብዖን ጉዳይ፣ ኣብ ኣብ ኣተሓሳስባ ደቂ ሰባት ዝገድፎ ናይ ስነ ኣእምሮ በሰላን ኣሰርን ኣለዎ።

ንብዓትን ብኽያትን፣ ንገለ ትብዓትን ንሒን የትረፈሎም የሕድረሎም፣ ንገለ ከኣ ቅባጸትን ትምኒት ሞትን፣ ካብ ሰባት ተንጻልነትን፣ ብዛዕባ ደቂ ሰባት ንምሕሳብን ንምዝካርን፣ ኣርሒቁ ዝኸውሎም ቦታ ይኹን ካልእ መንገዲ ከም ዝደልዩ ይግበሮም።

ሓደ ወዲ ሰብ እታ ብቀዳምነት ንኸምኡ ዝመሰሉ ፍጡራት ደቂ ሰባት ሕያቡ ንኽካፍሎም፣ ብተፈጥሮ ዝተዋህበቶ ክእለትን ዓቕምን ርህራሄ፣ ድንጋጼ፣  ሰብኣዊ ሕልና ምዝውታር'ዩ። እዚ ዓይነት ባህርይ ዘየርእይ ሰብ ግን ሓደ ተፈጥሩኡ ዝረሰዔ፣ ሓደው ብናቱ ሓንጎልን ሕልናን ዘይምእዘዝ፣ ሓደ ከኣ ንካልኦት ንምሕጓስን ንምምእዛዝ ከም ዓይነት ጊላ ሂወቱ ሙሉእ ክሕልፎ ዝመረጸ'ዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ህዝብና ናይ'ቲ ወሪዱና ዘሎ ጸገማት፣ ፍትሒ፣ ንፍትሓዊ ጉዳይ ሕጽረት ደገፍ፣ ግዜያዊ ሕጽረት ዘጋጥምና ዘሎ።

ኣብ መወድስእታ ግን ሰብ፣ ሰብ ምዃኑ ዘይተርፎ ምዃኑ፣ ምንጪ ናይ'ቲ ክረኽቦ ዘለዎ መባእታውን መሰረታውን ናይ ሕልናን ስነ ኣእምራዊ ደገፍ ካብ ሰብኣዊ ሕልና ዘለዎም ሰባት ስለ ዝ|ኾነ፣ ናብ እቶም ሕልና ዘለዎም ርህሩሃት ሰባት ገጹ ከም ዘድህብ'ዩ ዝገብሮ። ብኡ ከኣ'ዩ ሙሉእ ዓወት ህዝብና ክረጋገጽ ዝኽእል። ሓቖ ንብዓት ኣሎ፣ ሓሳዊ ንብዓት ከኣ ኣሎ። እቲ ሓቖኛ ንብዓትት ንፍትሒ የምርሕ፣ እቲ ናይ ሕሶት ንብዓት ከኣ ንጥፍኣትካ የምርሕ።

ከምይ'ሲ ምስ'ቶም ጨካናት ዊዕሉ ዝሓደሮ ግዜ፣ ንመንፈሱ፣ ንሂወቱ ዝምግብዎ፣ ንትንሳኤኡ፣ ንቀጻልነቱ ዘስተይዎ ማይ ሂወት ስለ ዘይብሉ። ተስፋ ሃገር ይትረፍ ተስፋ ሂወቱ ስለ ዘይረክብ።

“ ተሓቢኤን ይጠንስአ ዓዲ ኣኪበን ከ ይወልደአ” ከም ዝበሃል ምስላ ቀዳሞት፣ ሰብ ኣብ ቅድሚ ህሉው ኩነታት ብሓሶት ክቅይሮ ዘይኽእል ኩነታት፣ ሚእቲ ሽሕ ተማጒቲ ኮይኑ፣ ዝቅይሮ ነገር ዘይብሉ ምኽኑ እንዳፈለጠ፣ ነቲ ባህሪያዊ ኣፈጣጥርኡ፣ ነቲ ያታዊ ባህሉ፣ ነቲ ታሪኽ ጀጋኑ ኣቦታቱን ኣባሓጎታቱን፣ ንውልቃዊ ረብሓታት ክከላኸል፣ ኣብ ዘይፈልጠ ጉዳያት ክኣቱ ንርእዮ ኣሎና።

ንብዓተይ ነቶም ኣብ መሪር ስቓይ ዘለዉ ኤርትራውያን፣ ወይ ብመሪር መስርሕ ቃልሲ ዝሓለፉን ዝሓልፉን ዘለዉ ኤርትራውያን ጥራሕ መዓስ ኮይኑ፣ ነቶም ኣብ ሓጎስን ተድላን ዘለዉ፣ ኣብ ባሕሪ ነጻነትን ሓርነት ዝሕምብሱ ዘለዉ ዝመስሎም፣ ግን ከኣ ኣብ ድርብ ስቓይ፣ ኣብ ህሉው ስቓይ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ዝሓለፈ ስቓይ ታርክ ክነብሩ ዝደልዩ፣ ደገፍቲ ስርትዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ደቂ ሃገር'ውን'ዩ።

ኤርትራውያን ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ፣ ነቶም ኣብ ማእሰርቲ መግዛእቲ ጣልያን፣ ኣብ መግዛእቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ፣ ወታሃደራዊ መንግስቲ ደርግ ዝሓለፈ ነፍሳት ዝተለዓለ ገድሊ ኣይነብረን፣ ንኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰልን ፍትሕን'ዩ።

ሎሚ ከኣ ይትረፍስ ናይ መተዓቢትኻ፣ መማህርትኻ፣ መቃልስትካ፣ ነቲ ሰብ ከም ሰብ ሂወት ለቢሱ፣ ከማኻ ዝዛረብ፣ ዝሓስብ፣ ሰብ ከም ሰብ'ኳ፣ እንተኾነ ንዘጋጥሞ ጸጋማትን ስቓይ፣ መከራ፣ ሕሰም፣ መሪሪ ሕሰም እንተጨከንካ፣ ክትሓስብ እንተራህራኻ ከኣ ሓንቲ ንጣብ ንብዓት ጥብ ከተብል ዝገብረካ፣ ናይ'ቲ ዝተጨፈለቐ፣ ናይ'ቲ ዝተሃረመ፣ ናይ'ቲ ዝተኣሰረ፣ ናይ'ቲ ብመሪሪን ሕሰም ናብራ ዝሓለፈ ፍጡር ዘይኮነስ፣ ናትካ ናይ እተደልዮ፣ እትመርጸ ሂወት ናይ'ቲ ቅኑዕ ፍትሓዊ ሂወት፣ ሕጋዊ ሂወት፣ሓርነታዊ ሂወት ክትመርሕ ሓሳብን ትምኒትን ተስፋን ብዘለካ መንጽር ጥራሕ'ዩ።

ኣብ ሓርንት ዝመልኡ፣ ነጻነት ዘለዎ፣ ፍትሒ ዝርከቦ ሕብረት ሰብ ክትንብር ትሓስብ እንተደኣ ኾይንካ ከኣ፣ ነቶም እዚ ናትካ ትጽቢ ዝተነፈጎም ደቂ ሰባት፣ ዝሕልፎዎ ዘለዉ ሂወት ርኢኻ፣ ክትሓዝን፣ ክተስተንተን፣ ክትነብዕ ግዱድ'ኻ። ካብ'ዚ ወጻኢ ሓሳብ ትከይድን ትጓዓዝን እንተደኣ ኮይንካ ግዳ፣ ብናትካ ሓሳብን ኣእምሮን ዘይኮነስ፣ ነቶም ንተፈጥሮኻ ኪሒድካ፣ ተፈጥሮኦም ኣኽቢርካ፣ መሰልካ ኣሕሲርካ መሰሎም ኣኽቢርካ ክትቅጽሎ ትደሊ ሂወት፣ ሂወት ሞትን፣ ሂወት ጸልማት መጻኢ ዕድል ትጽበ ሰብ ጥራሕ ኢኻ።

ክንዕወት'ና

5 ታሕሳስ 2008

ኣንቶንዮ ተስፋይ